ቤትጽሕፈትካቶሊካዊትቤተክርስቲያን ኤርትራ
ERITREAN CATHOLICSECRETARIAT (Er.C.S)

2/4 Digsa Street-178
P.O.Box 1990
ASMARA-ERITREA
Tel. 120514/125000
Fax +291-1-120070
E-mail: ercsec@tse.com.er

ኣስመራ________________
ASMARA
ቁጽሪ________________
Ref. No

"ቤተክርስትያን ብስም ኣምላኽ ንወድሰብ እናገልገለት፣ብናይ ሰባት ምድራዊ ግድላት (ትምህርትን ጥዕናን .... ካልእን) ከይተገደሰት ክትተርፍ ኣይትኽእልን እያ" (ር.ሊ.ጳ. ጳውሎስ 6ይ ስብከተ ወንጌል)። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እውን ንነፍስወከፍ ምእመን ኮነ ንቤተክርስትያን ዝሃቦ ነቕ ዘይብል ትእዛዝ ኣሎ፣ ንኣምላኽ ንምፍቃርን ንምኽባርን ጥራሕ ከምዘየኣክል፣ ንብጻይካን ንኹሉ ሰብን ምፍቃርን ሰናይ ምግባርን ግዴታ ምዃኑ ዜነጽር እዩ። ምእንት'ዚ ብደቃ ገቢራ ቤተክርስትያን ንሰባት እትህቦ ኣገልግሎት፣ ሰዓብቲ ንምስፋሕ እትጥቀመሉ መጋበሪ ዘይኮነስ፣ ናይ ትሕዝቶ እምነታ ቀንዲ ኣካል ስለዝኾነ እዩ፣ ብግብሪ ዘይረአ እምነት ምዉት እዩ (መልእ.ያዕቆብ፡2፡26)።

መንግሥቲ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣገልግሎት ዚህብ ናይ ካቶሊካዊት ቤትክርስትያን ተቀዋማት ብዛዕባ ዚገብሮ ውሳኔን ፍጻሜን፣ በዚ ቅንያት'ዚ ዚወሃብ ዘሎ መግለጽን ትንተናታትን ኣንፈቱ ዝሰሓተ ብምዃኑ፣ ንዝኾነ ይኹን ነቲ ጉዳይ ከም ሓቁ ኪርደኦን ንዚደሊ ከንገልጸሉ ትሑዛትኢና።

### 1. ናይ 1995 ኣዋጅ መንግሥቲ ኣሎ፣ ነዚ ተኸቲሉ ዚኸይድ ሕጋዊ ውሳኔ እዩ ዚብል ኣዘራርባ'ውን ኣሎ።

እዚ ኣዋጅ'ዚ ብዝወጽኣሉ ጊዜ፡ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ንመንነታን ነቲ ኵሉ ኣገልግሎታን ብዚርኢ ብመንጽር'ቲ ኣዋጅ'ቲ ዘለዋ ግንዛቤ ኣነጺራ ገሊጻ እያ። ዜድሊ መረዳእታን መኣረምታን ምእንቲ ኪህሉ ብማለት እዩ። ነኣኻ ዚትንክፍ፡ ነቲ መሰልካን ግቡእካን ንመንነትካን ዚርኢ ዝኾነ ይኹን መደብን ኣገባብን ኪወጽእ እንከሎ ስቕ ኢልካ ክትርኢ ኣይከኣልን እዩ። ስለ'ዚ ኸኣ ብዛዕባ'ቲ ኣዋጅ ኣብ ዘተ ንምእታው እውን ዕድመኣ ኣቕሪባ፣ ናይ ናጽነት ቁምነገር ከኣ ንሱ እዩ። ብዛዕባ ርእስኻን መሰልካን ጉዳይካን ብናጽነት ክትዋሳእ ክትረዳዳእ ከተረድእ ምኽኣል ማለት እዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ'ቲ ኣዋጅ'ቲ ዝተንጸባረቐ ናይ ቤተክርስትያን መንነትን፡ ናይ ኣገልግሎታን እምነታን ዝንቡል ርድኢትን ኣመልኪታ ንጹር ምላሽ ሂባ ኢያ።

መንነታን ዕላማ ኣገልግሎታን ኣነጺራ ከተብቅዕ፣ እዚ መንነታን፡ ንረብሓ ሰብ እተውዕሎ ኣገልግሎታን ኵሉ፡ ምስ ዝኾነ ይኹን ሕግን ሕጋውነትን ዘይጋጮ ምዃኑ፡ መንግሥቲ "ቆይመሉ ኣሎኹ" ንዚብሎ ምልኣትን ምዕባሌን ኅብረተሰብ'ውን ዚድግፍ ደኣ'ምበር ዝኾነ ጸገም ዘየምጽእ፣ ብጊዜ ኪረአ ከሎ ንዝሓለፈ 2ሽሕ ዓመት ኪፍጸም ዝጸንሐ፣ ብቦታ እንኪረአ ከኣ ኣብ ኵለን ሃገራት ዓለም ዝተዘርግሐ ምዃኑ ገሊጻ። ቤተክርስትያን ብመሠረት መንነታን ኣገልግሎታን፡ ቤትጸሎትን መቕደስን ጥራሕ ዘይኮነስ ነቲ ናይ ፍቕሪ ብጻይ መደብ እምነት እትፍጽመሉ ቦታ'ውን የድልያ እዩ። እዚ መደብ ፍቕር ብጻይ'ዚ ነቲ ዘይደልዮ ኣይተገድዶን፣ ነቲ ዚደልዮን ዜድልዮን ንኽትፍጽመሉ ግን፣ ናጽነታን መሰላን ምዃኑ ትገልጽ። ምኽንያቱ ናይ እምነታ ክፍሊ እዩ። ብዘይካኡ እቲ እምነት የለን ወይ ትርጉም የብሉን ማለት እዩ። ስለ'ዚ ብሕመቓ ኪጐድል የብሉን፣ ኣውራ ግን ብናይ ካልኦት ውሳኔ ኪትንከፍ ከሎ መሰል እምነታ ተተንኪፉ ማለት እዩ።

### 2. እዚ ብካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ዚካየድ ዝተፈላለየ ናይ ኣገልግሎት ተቕዋማት፣ ካብ ገበርቲ ሠናይ ዝተለገሰ ስለዝኾነ፡ ናይ'ታ ቤተክርስትያን ወይ ናይ'ቶም ብስማ ዜካይድዎ ማኅበራት ንብረት ኣይኮነን፡ ኣይምልከቶምን እዩ...ዚብል ዘረባ'ውን ይስማዕ እዩ።

ሀ. እቲ ሓገዝ ካብ መንም ገባር ሠናይ እየ ብሃሊ ወይ በሃልቲ ዝተረኽበ ዘይኮነስ፡ ኣብ ምሉእ ዓለም ካብ ዚርከቡ ካቶሊካውያን ምእመናን፡ እሞ ከኣ ኣብ ምምዕባል ንዚርካባ ኣሓት ኣብያተክርስትያን ንምትሕግጋዝ ዚነትፉ ገበርቲ ሠናይ ዝተለገሰ እዩ። እዞም ገበርቲ ሠናይ ግን ተረዲኦም፡ ይሓይሽ ቢሎም ኣስተውዒሎም፣ እቲ ንብረት'ቲ ናትና ኪኸውን፣ በኣና ኣቢሉ ንሕዝቢ ከገልግል ደልዮምዎ፣ ነቲ ናትና ብቕዓትን፣ ኣብ'ቶም ዜድልዮም ሰባት ከምዚውዕል ብዘሕደርዎ እምነትን መሠረት፣ ነኣና ኣረኪቦምና፣ ስለምንታይ ደኣ'ሞ ንመንግሥታዊ ትካላት ዘይህብዎ ነበሩ? ብኻልእ ወገን ከኣ፡

መንግሥታት ከይተረፉፍስ ደገፍትና ካብ ዚብሉዎም ወገናት ሓገዝ ይቕበሉን፡ ብኣኡ ገይሮም ድማ ንሕዝብን ሃገርን ዚደምዕ ነገራት ይገብሩዶ ኣይኮኑን ?

ለ. እዞም ገበርቲ ሠናይ፡ ሕጊ ሃገር ብዘፍቅዶ ኣገባብ፡ ነቲ ኪፍጸም ዝደልይዎ ኣገልግሎት፡ ብዝደለይዎ ኣካል ኪገብርዎ ናጻ እዮም፣ ብናጽነቶምን ብድልየቶምን ከኣ ነዘን ካቶሊካዊ ማኅበራት መሪጾ፣ ነቶም ናይ ሕዝብና ጸገምን ወጽዓን ዘቕረቡሎምን/ዝሓበሩዎምን፡ ንምፍጻሙ ንዚተሓባበርዎምን ከኣ ዘረከብዎ እዩ።

ሐ. ቤተክርስትያን'ውን ከም መጠን ሕጋዊ ኣካል፣[juridical person]ናይ ምጥራይን ምውናንን ዘለዋ መሰል ብባሕሪኡ ውሁብ እዩ፣ እዚ ከኣ ንመንነታን ኣገልግሎታን እምነታን ዚርኢ ንብረት ናይ ምውናን መሰል እዩ።

መ. እዚ ውህብቶ'ዚ፡ እዚ ኣገልግሎት'ዚ ኣብ ገበንን ገበናዊ ሳዕቤናት ኣብዘኸትል ነገራትን ክሳብ ዘይወዓለ ከኣ ዚእገደሉ ኣገባብ ወይ ምኽንያት ብምንም ኣይረኣየናን። እቲ ናይ ሰባት ጠቕምን ረብሓን ብቕንዱ ዜገድዶ እዩ። ትማሊ ኮነ ሎሚ፣ናይ ኣገልግሎትና ብቕዓቱን ንጹርነቱን ንሰባት ዘለዎ ረብሓታቱን ኣብ ሕቶ ዘእትዎ ከምዘየለ፣ ኣፍና መሊእና እንዛረበሉ፣ ፈታውን ጸላእን ዚእመኑሉ እዩ።

ሰ. በዚ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘረ ነጥብታት ድማ፣ዚምልከቶም ናይ መንግሥቲ ኣካላትን ሚንስትሪታትን ንብረትና ምኳኑ ኣሚኖም ተኣሚኖም፣ ብሕቡእ ዘይኮነስ ብስማዕ-ልማዕ ብሕግን ብድግን ብስምና መዝጊቦም ሕጋዊ ወረቐት ዋንነት ዝሃቡና እዩ።

**3. እዚ ኣገልግሎት ዚህብ፣ ሕይወት ሰባት ንምዕቃብን ንምሕብሓብን (ሕክምና)፡ ሕይወት ሰብ ንምምዕባልን (ትምህርቲ). . . .፡ ዚግበር ናይ ፍቕሪ ብጻይ መደብ፣ ቤተክርስትያን እተካይዶ ኩሉ፣ ኣብቶም ካቶሊካውያን ጥራሕ ዝተደረተ እዩ. . . . ዚብል መሠረት-ኣልቦ ጠቕነ እውን ይስማዕ ኣሎ።**

ሀ. ብመሰረቱ ንገለ ብገርሂ ኪወናደቡ ዚኽእሉ ንምሕጋዝ፣ ነቶም ኮነ ኢሎም ንሓቂ ዘወናድቡ ከኣ ኪዕንድሩ ስቕ ኢልካ ንዘይምርኣይ እዩ'ምበር፣ እቲ ባይታ ባዕሉ ምስክር እዩ። ዓሌትን ሃይማኖትን ብዘይፈሊ ኣገልግሎት ቤተክርስትያን ዝረብሐ ኣብ ኩሉ ዓለም ተዘርጊሖም ዘለዉ ደቂ ሃገር፣ ዝዓበዩ ዘኻትም፣ ዝተማህሩ፣ ዝተሓከሙ፣ ዝማዕበሉ. . . .፡ ሕያው ምስክር ስለዝኾኑ፡ ምምጓት ኣይመድለዮን።እቲ ስራሕ ቤተክርስትያን ብወገን ጥዕና ኮነ ትምህርቲ ኣብ ሑጻ ከምዝተረፈ ኣሰር ዘይኮነስ፣መዛግቡን ኦርኒካቱን ዘለዎ ስለዝኾነ፡ መን ኣበይ ተሓኪሙ/ተሓኪማ፣ ኣበይ ተማሂሩ/ተማሂራ፣ ኣብ'ተን ትካላትን፣ ነኣኣተን ኣብ ዚከታተላ ሚኒስትሪታትን ዚኣክል መዛግብን ጸብጻባትን ስለዘሎ፣ ምግንጻልን ምንባብን ጥራሕ እዩ ዚድሊ።

ለ. እዘን ንሕዝቢ ዜገልግላን ንሰብ ዜማዕብላን ትካላት ዝተደኰናሉ ቦታን ኣከባብን፣ ምስ'ቲ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣን ናይ ካቶሊካውያን ኣሰፋፍራን ኪረአ ከሎ፣ ነቶም ነዚ ናይ ሓሶት ጠቕነ ዘቕርቡ ዜሕፍሮም ጉዳይ እዩ። ዓይንኻ ቋሕ ኣቢልካ ምርኣይ ደኣ'ምበር ምርምርን መጽናዕትን ዚሓትት እውን ኣይኮነን፣ ነቲ ህልውን ክዉንን ኣብ ባይታ ዘሎ ርኢኻ፣ ንዝረኣኻዮ ከኣ ምቕባል ግና የድሊ። ትንተና'ውን ዜድልዮ ኣይኮነን።

ሐ. ኣብ'ዘን ትካላት'ዚኣተን ዚሕከሙን ዚመሃሩን ጥራሕ ዘይኮኑስ፣ እቶም ኣብኣተን ዚሰርሑ፡ ብዋናታት ተመሪሖም ብደሞዞም ዚለኣኹ'ውን፣ ካብ ሓላዊ ማዕጾን ናይ ጽሬት ኣካላትን ጀሚርካ ክሳብ ዝለዓሉ ሓካይምን መምህራንን ዚኣትዉ ብመስመር ዓሌትን ሃይማኖትን ተዓቂኖም ኣይኮኑን።

4. **እዚ ኣብ ዝተፈላለየ ወገን ዝተደኰነ ናይ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ትካላት፣ መስፍሒ እምነቶም እዩ ዚብል፣ሰማዒ እንተረኺበ ተባሂሉ ኰለል ዚብል ዘሎ ካልእ ዘረባ ከኣ ኣሎ።**

ሀ. እቶም ነዚ ነጥብ'ዚ ኪጥቀሙሉ ዚደልዩ ወገናት፣ ምስ'ቲ ኣብ ቍ. 3 ዝተባህለ የተሓሕዝዎ'ሞ፡ ብኡብኡ ፋሕ ይብሎም። ኣብ'ቶም ድሮ ዝኣመኑ፣ ድሮ ናታ ዝኾኑ ጥራሕ እንተኾይኑ ትካላት ቤተክርስትያን ዚነጥፍ፣ ከመይ ኢሉ ደኣ እዩ እምነት ዚሰፍሕ? ስለ'ዚ ክልቲኡ ኣበሃህላ ንሓድሕዱ ዚጋጮ፣ ስጉሚ ከኣ ኪኸይድ ዘይኽእል እዩ።

ለ. በዚ ዓይነት'ዚ ዝኾነ ኣገልግሎት ክትረክብ፣ ወይ ኣቐዲምካ ካቶሊካዊ ኩን/ኩኒ ወይ ከኣ ምስ ተመሃርካ/ተመሃርኪ ወይ ምስ ተሓከምካ/ተሓከምኪ ካቶሊካዊ ኩን/ኩኒ ተባሂሉዎስ፣ዝነጸገ/ዝነጸገቶ ወይ ከኣ ዝተቐበሎ/ዝተቐበለቶ ሰብ እንተልዩ "እነኹ ኣነ" ይበል። እቶም ነዚ ነጥብ'ዚ ዜንበልብሉ፣ ከም'ቲ "መናውራዓለም"፡ "ዚኽፈሉ" እሞ ነዚ "ዚምስክሩሎም" ወገናት'ውን ኣይረኽቡን እዮም። ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ንጸገም ሰባት ተበሊጸ ኣብ ናታ እምነት ከተእቱ ወይ ከተስድዕ ኣይትሰርሕን፣ ከምዚኣም ዝበሉ ብጥቕሚ ተደሊሎም ወይ ተታሊሎም ዚኣትዉዋ'ውን ኣይትቕበልን እያ። ኢየሱስ ከኣ "እትደልዩኒ ዘሎኹም፣ እንጌራ በሊዕኩም ስለዝጸገብኩም ኢኹም እምበር፣ በቲ ዝረኣኹምዎ ትእምርቲ ኣሚንኩም ከምዘይኮነ" ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ፡ [ዮሓ.6፡26] ይብል።

ሐ. ነቲ ናይ ኣባላትና ምስክርነትን፣ ናይ ሕይወት/ተወፋይነት ኣብነትን ርእዮም፣ በኣኡ ተሓኒጾም፣ ርእዮም መምዮም ተመንዮም ናብ ካቶሊካዊ እምነት ዝኣተዉ እንተ'ልዮም ከኣ እዚ ዜኵርዕ ተግባር እምበር መሰል ዜኽልእ ኣይኮነን። ንኹሎም ወገናት ዜንእድ እዩ፣ ነቶም መስከርትን ሰብ ኣብነትን ኣብ ግቡኦምን ግዴታኦምን ምሉኣት ዘይጕዱላት ብምዃኖም ዜመስግኖም፣ ነቶም ብኽልተ ዓይኖም ርእዮም መምዮም፣ ብናጽነቶምን ድልየቶምን ተደሪኾም ዝሰዓብዎም ድማ፣ ናቶም ውሳኔ ብምግባሮም፡ ፍረ ናጽነትን ርድኢትን ብምዃኑ ከኣ ዜንእዶም ተግባር እዩ።ዝኾነ ሰብ ከይተቐሰበ ዝደለዮ እምነት ኪኽተል፡ እዚ ዓለም-ለኸ ሕጊ ዘጽደቖ ፍረ ባሕርያዊ ሕጊ እዩ።